# ኮሮና - ሓበሬታ ንወለዲ ብዛዕባ መዓልታዊ ሂወት ኣብ መውዓሊ ህጻናት

ለበዳ ሕማም ኣብ ቤት ትምህርቲ ንምግታእ ብዙሕ ስጉምቲታት ኣበጊስና ኣሎና። መብራህቲ ትራፊክ ቀጠልያን ብጫን ቀይሕን ከም ኣብነት ብምጥቃም፡ በብደረጅኡ ኣየናይ ደረጃ ስጉምቲ ቁጽጽር ለበዳ ሕማም ኣብ መውዓሊ ህጻናት ከም ዘገልግል ዘርኢ እዩ። ኣየናይ ደረጃ ንኽተል ኣብ ኖርወይ ዘሎ ኩነታት ለበዳ ሕማም እዩ ዝውስን። እቲ ኩነታት ለበዳ ሕማም እንተድኣ ተቐይሩ፡ ንሕና ድማ ነቲ መምርሒና ምስቲ ምቅያየር ብዝሰማማዕ መንገዲ ከነስተኻኽሎ ኢና።

## ቆልዑ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ውሕስነቶም ዝተሓለወ እዩ።

ንሕና ብቀጻሊ ነቲ ድሌት ህጻናት ንኣካላዊ ቅርበት (fysisk omsorg) ከነማልእን ኩሎም ቆልዑ ኣብ መውዓሊ ህጻናት ኣብ ዝህልውሉ እዋን፡ ውሕስነት፡ ምትእስሳርን ዕግበትን ክስምዖም ክንስረሕ ኢና። ኣብዚ ዝመጽእ ዘሎ እዋን ለበዳ ሕማም ንምግታእ ዝያዳ ጥንቃቐታት ክንገብር ኢና። ንሕና ብዝያዳ ነተኩረሎም እዞም ዝስዕቡ እዮም:

- ዝኾነ ዝሓመመ ናብ መውዓሊ ህጻናት ኣይክመጽእን እዩ።
- ቅድሚ ናብ መውእለ ህጻነት ምምጻእኩም ኣእዳውኩም ብግቡእ ተሓጸቡ።
- ግቡእ ንጽህና ኣእዳውን ጽሬትን ኣብ መውዓሊ ህጻናት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

## መዓልታዊ ሂወት መውዓሊ ህጻናት ከመይ ክኸውን እዩ?

**ደረጃ ቀጠልያ ሕብሪ:**
መዓልታዊ ሂወት መውዓሊ ህጻናት ከምቲ ልሙድ ኮይኑ ግና ንሕና ሰራሕተኛታት መውዓሊ ህጻናት ኣብ ነሕድሕድና ብኢድ ሰላምታ ምብህሃልን ምስዕዓምን ክነውግድ ኢና።

**ደረጃ ብጫ ሕብሪ:**
ኩለን ክፋላት (avdelinger) መውዓሊ ህጻናት በብክፍለን ኣብ ሓደ ብሓባር ክኾኑ ይኽእሉ፡ ኩሎም ቆልዑ ድማ ናይ ሙሉእ መዓልቲ ኣገልግሎት ክረኽቡ እዮም። እቲ ቀጽሪ ናይቲ መውዓሊ ቆልዑ ብምምቃል እተን ጉጅለታት ካብ ነንሕድሕደን ከም ዝፈላለያ ክግበር ይክኣል እዩ። ኣብ ሓደ ጉጅለ ንዘለው ቆልዑ ሓደ ቀዋሚ ሰራሕተኛ ይህልዎም። እቶም ኣብ መውዓሊ ቆልዑ ንሰርሕ ሰራሕተኛታት ድማ ኣብ ነሕድሕድና ብኢድ ሰላምታ ምብህሃልን ምስዕዓምን ክነውግድ ኢና።

**ደረጃ ቀይሕ ሕብሪ:**
ቆልዑ ኣብ ንኣሽቱ ጉጅለታት ከም ዝምቀሉ ይግበር። መውዓሊ ቆልዑ ንሓጺር ሰዓታት ጥራይ ክኽፈት ክንግደድ ንኽእል ኢና። ወለዲ ንደቆምን ኣብ ዝተፈላለየ ጊዜ ከምጽእዎም ክግበር ተኽእሎ ክህሉ ይኽእል። ምስተን ብሓብር ዘይሰርሓ ዝተፈላለያ ጉጅለታት እኹል ርሕቀት ከም ዝህሉ ይግበር። እቲ ቀጽሪ ናይ መውዓሊ ቆልዑ ብምምቃል እተን ጉጅለታት ካብ ነንሕድሕደን ከም ዝፈላለያ ይግበር እቶም ቆልዑ ድማ ብብዝሒ ኣብ ደገ ይኾኑ። እቶም ኣብ መውዓሊ ቆልዑ ንሰርሕ ሰራሕተኛታት ድማ ኣብ ነሕድሕድና ብኢድ ሰላምታ ምብህሃልን ምስዕዓምን ክነውግድ ኢና።

## መጻወቲታት ካብ ገዛኹም ሒዝኩም ኣይተምጽኡ

ቆልዑ ካብ ገዛ መጻወቲኦም ሒዞም ክመጹ ኣይፍቀድን። እንተድኣ ድኣ እቲ ቆልዓ ሓቝፍዎ ንኽድቅስ ባምሰ / kosebamse ሃልይዎ ሒዝክምዎ ክትመጹ ትኽእሉ ኢኹም። እንተኾነ እዚ ምስ ካልኦት ቆልዑ ኣብቲ መውዓሊ ህጻናት ከይጥቀምሉ ምጥንቃቕ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

እንተድኣ ሕቶ ሃልይኩም ምስና ኣብቲ መው ህጻናት ዘለና ተራኸቡ 😊